# ሰንበት ዘበአተ ክረምት
## ሰነ 25 2015 ዓ.ም. (7/2/2023)

**መዝ:** ሠርዓ ሰንበተ ለሰብእ ዕረፍተ...ሰብ ከዕርፈላ ምእንት ሰንበት ሰርዐ አብ ሰማይን አብ ምድርን አብ ባሕርን አብ መሬትን ምእንቲ ዘለዉ። ነአቦታትና ነብያትን ሓዋርያትን፥ጳጳሳትን ቀሳውስትን ዲያቆናትን መነኮሳትን ሰንበት ንዕረፍቲ ሰርዐ፥ ንጻድቃንን ኃጥአንን ንሙታንን ሕያዋንን ኢሉ ሰንበት ንዕረፍቲ ሰብ ኢሉ ሰርዐ፥ ንሳ ሰንበት ክርስቶስ ማኅደር ስም ንልዑል እያ።

**ንባባት:** ፩ቆሮ 10፡1-18፥ ይሁዳ 1፡17-ፍ፥ ግ.ሓ. 20፡28-38፥ ሉቃ 8፡4-56።

**ምስባክ:** ለነዳያኒሂ አጽገቦም እክለ፥ ወለካህናቲሃኒ አልበሶሙ ሕይወተ፥ ወጻድቃኒሃኒ ትፍሥሕተ ይትፌሥሑ።

እዚ መዝሙር አብ ኅዳር አብ ሰንበት ዘደብረ ዘይት እውን ይዝመር እዩ። አብ ሰነ ሰንበት ዕለት 25 እንተ ወዓለ ኸአ ይዝመር። ካብ 25 ሰነ ክሳብ ቂርቆስ 19 ሓምለ መዝሙር ዘዘርእ፥ ዘደመና፥ ዘጊሜ፥ ዘክረምት ዝብሃሉ ይዝመረ ብሓቂ ከአ ክረምቲ ዝብሃል እውን ሽዑ እዩ።

ናይ ዕለቱ መዝሙር አምላኽ ሰንበት ምእንቲ ሰብን ካልእ ፍጡርን ከዕርፈላን ከመስግነላን ኢሉ ከም ዝሰርዓ የዘኻኽረና። አብዚ ኩልና ደቂ አዳም ደረጃ ሓላፍነትና ወይ ጸዋዕታና ብዘየገድስ ብዕለተ ሰንበት ምስ አምላኽ ክንራኸብን አመት ነፍስና ክንገብር ይነግረና። ሰንበት መሠረት ሓዋርያዊ ትውፊት ፋሲካዊ ምሥጢር እትኸብረሉ ዕለት እያ፥ ስለዚ ኸአ ቀዳምነት ዚውሃባ፥ ብግዴታ እትብዓል ዕለት ኮይና አብታ ኵላዊት ቤተ ክርስትያን ክትሕሎ ይግባእ (ሓ/ት/ክ 2177፥ ሕገቀኖና ላቲ 1246፡1)።

ብ1994 አብ ግላስ ደብረ ልደታ ለማርያም ቆሞስ ከሎኹ 4 መንእሰያት አብ ዔላ ተደፊኖም ሞይቶም። አብ ከባቢ ዝነበረ ህዝብን ምምሕዳርን ኩሉ ንምድኃኖም ዝክአል ገሩ። እቲ ነፍሰ አድሕን ካብቶም አብኡ ዝነበሩ ብላዕሊ ኾይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ ብአውያት ምስ ነገረ ሰብ ቀልጢፉ ከድሕነሉ ዝኽእል መገዲ ብቕልጣፈ ጀሚሩ። ሓደጋ እዞም መንእሰያት ቀልጢፉ አብ ኩሉ በጺሑ አብ ከባቢ ዝነበረ ኩሉ አብቲ ሓደጋ ዝተፈጸሞ ተአኪቡ ዓዓቕሙ ገሩ ግን ኩሎም በቲ ሓደጋ መይቶም። ኩሉ ህዝቢ ብሓዘን ተዋሒጡ ዝግበር አይነበረን እናነባዕና አፋኒናዮም። ካብኦም ሰለስተ አስላም ሓደ ኸአ ክርስትያን እዮም ነሮም። ብሓባር ሓዚናሎም ጸሊናሎም። አብዚ ክልተ ነገር ንርኢ ፩ያ ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ንዝኾነ ነገር አብ ኢድ አምላኽ ምሕዳግ፥ ፪ይ ኩልና ደቂ ሰብ አብ ቅድሚ አምላኽ ሓደ ኢና ስለዚ አብኡ እምነት ገርና ንሓቂ አምላኽ ሒዝና እንተ ኸድና ኵልና ተጠቕምቲ ጸጋ አምላኽ ኢና ሽዑ ንዝወረደ ይውረድ አብ ኢድ አምላኽ ክንሓድጎ አየጸግመናን እዩ።

ሰብ ብባህሪኡ ከቢድ ሓዘን ምስ ወረዶ ዝገብሮ ይጠፍኦ ከብቲ ዝወረደ ክድሕን ዝክአሎ ይገብር። አብ ከምዚ ክነታት እንከሎ እታ እንኮ ፍታሕን ቅሳነት እትህብን አብ አምላኽ ክንጥምት ከሎና እያ። ንኹሉ አብኡ አንቢርና ክንጉዓዝ እንተ ኸአልና እሞ ፍቓዱ ክንቅበል እንተ ኸአልና ዓይነት ጸገምና ብዘየገድስ ሰላም ክእለት ንረክብ።

ናይ ሎሚ ወንጌል ተምሳሳላይ ኩነታት የቕርበልና። ኣል ኢያኢሮስ ሓደ ካብቶም መራሕቲ ቤተ ጸሎት ብርቱዕ ሓሚማ። ኩሉ ጊዜ ሓደ መቕርብና ብፍላይ ንእሽቶይ ክሓምም ወይ ክሳቕ እንከሎ

ከቢድ እዩ። እዞም አርባዕተ መንእሰያት አብ ዔላ ብሓመድ ምስ ተደፍኑ ዓበይቲ አብ ጸሎት መንእሰያት ከድሕኑ አብ ዥዕታ ገለ ኸአ አብ ምምሕዳር ገለ ሓገዝ ክረኽቡ ጎዮም ኮታስ ኩሉ በበታ ዘላቶ ከድሕኖም ተጓይዩ፥ ንምድኃን ዘይተገብረ ነገር አይነበረን ኩልና ብሓባር ሓዚና ነቢዕና ጸሊና። ኢያኢሮስ ጓሉ ንምድኃን ዘይገበሮ ነገር አይነበረን ኩሉ ፈቲኑ፥ ብዙሕ ህዝቢ እውን አብ ቤቱ መጺኡ ይበጽሖን የጸናንዖን ነሩ። ንሱ ሓንቲ ልዕሊ ኹሉ እያ ኢሉ ዝሓሰባ እሞ ንኹሉ ስቓይ ጓሉን ናቱን እትፈትሓሉ አብ ቅድሚ ኢየሱስ ተደፊኡ እንተ ለመነ ጥራሕ ምዃና አሚኑ ቀሪቡ አብዚ እዩ ንኹልና ትምህርቲ ዝኸውን ነገር ዘለዎ። አብ ቅድሚ ኢየሱስ ከመይ ኢልና ክንቀርብ ከምዝግብአና ይነግረና። ዓቢ ጸገም ምስ ተጓነፈና ብቀዳምነት አብ መን ንኸይድ እንታይ ንሓስብ። አብ ዘመና ገኒኑ ዘሎ አብ ክንዲ እምነት ገርካ መጀመርያ ምጽላይን አምላኽ ዝደልዮ ምግባር ድሕሪኡ አብ ሕክምና ምኻድ ብዙሓት አብ ጠንቋሎ፥ፈላጣ ኢና ብሃልቲ ቡዳታት፥ ደገምቲ ካልኦት ከምኦም ዘአመሰሉ ምኻድ ዳርጋ ልሙድ ኮይኑ። ዝገደደ ነሕዊ ኢና ኢሎም ብስም ዘደናግር ገበሩ ብዙሓት አብኦም አሚኖም ካብ እምነት ዘርሕቕ ዝገብሩን ዝሳተፉን ብዙሓት እዮም? እዚ ምስ አምላኽ ዘሎና ርክብ በቲኹ ዝያዳ ከም እንሳቐን ሰላም ዝኸልእ ኮይንና አሎ።

እንታይ ንግበር? አብ ኢየሱስ ንመለስ ጸገምና አብኡ ነቕርብ፥ አብ ቅ. ቊርባን ምሉእ እምነት ገርና ብምሉእ ልብና ንለምኖን ንቀበሎን ሽው ድላይ አምላኽ አባና ክርአ እዩ።

አብዚ ብዛዕባ እዚ መራሕ ቤተ ጸሎት ብዙሕ ይነግረና። ንሱ ብሰብ ክቡርን ሕፉርን እዩ ነሩ። በቲ እዋን መራሕ ቤተ ጸሎት ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ሰባትን አብ ቅድሚ ህዝቢ ዓቢ ግምት ዘልኦ ክቡር ሰብ እዩ ነሩ። እንተኾነ ዘይተጸበዮ ጸገም ተጓኒፍዎ ጓሉ ብርቱዕ ሓሚማ ስለዚ እቲ ሓደ ክረድአኒ ዝኽእል ንጓለይ ከሕዋያ ይኽእል እዩ ዝበሎ ኢየሱስ እዩ ነሩ ስለዚ አብኡ ከይዱ።

፩ያ ክብረቱን አብ ቅድሚ ህዝቢ ዘልኦ ሓላፍነትን ሓዲጉ ከም ማን ሰብ ኮይኑ ቀሪቡ። ንሱ በቲ ዝነበሮ ሓላፍነት ንኢየሱስ ከም ሓደ መናፍቕን ከም ሓደ መናዓቢ ህዝብን ሓደገኛን ክሓስቦ ምኽአለ ነሩ። እንተ ኾነ አብዚ እዋን እሞ ብሓቂ ሓገዝ አብ ዝደልየሉ እዋን ነዚ ኹሉ ግምታት ንጸጋም ሓዲጉ አብ ኢየሱስ እዩ ከይዱ። ብዙሕ ጊዜ ብዛዕባ ሰባት ዝህልወና ቅድመ ኩነታዊ ግምታት ንነገራት ከም ዘለዎ ክንርእዮም አይንኽእልን ኢና ምኽንያቱ ብዙሕ ጊዜ አብቶም ሓቂ ዘይብሎም ነገራት ኢና እነተኩር። ኢያኢሮስ ንዝነበሮ ግምታት ምስ ሓደገ ኢየሱስ እንታይ ክገብረሉ ከምዝኽእል ክርኢ ክኢሉ። ሓንቲ ዝርአያ ኢየሱስ ክሕግዞ ከምዝኽእል ብኻልእ አዘራርባ አብ ኢየሱስ ምሉእ እምነት ገሩ። እምነት ዓይኒ ኩሉ እዩ ምስ አመና ጥራሕ ኢና ንአምላኽ ክንርእዮ እንኽእል። ግዙፋዊ አካል ንምርአይ እኹል አይኮነን መንፈሳዊ እምነት ጥራሕ እዩ ንኹሉ ክንርኢ ዘኽእለና።

አብ ወንጌል ብዙሓት ዓቢ ጸገም ወይ ብሓቂ ክፈልጡ ዝደልዩ ብምሉእ እምነት አብ ኢየሱስ ይቐርቡ ከም ዝነበሩ ንርኢ። ንአብነት ኒቆዲሞስ ንዝነበሮ አፍልጦን ንሓቅን ከብርሃሉ ናብ ኢየሱስ ከይዱ፥ እዛ ደም ዝፈሳ ዝነበረት ሰበይቲ ካብ ሕማማ ክትሓዊ አብ ኢየሱስ ብምሉእ እምነት ቀሪባ፥ ብዙሓት ወደይ ጓለይ ሓሚምኒ/ማትኒ እናበሉ አብ ኢየሱስ ይቐርቡ ነሮም ሎሚ እውን ኢየሱስ መልሲ ጸገምና እዩ ብምሉእ እምነት አብኡ ንቕረብ።

፪ያ ኢያኢሮስ ሰባት ብዛዕብኡ ዝሓስብዎን ንሱ ዝገበሮን ክልተ ዝተፈላለየ ነገራት እዩ። ምስቲ ዝነበሮ ሓላፍነት አብ ቅድሚ ህዝቢ አብ ኢየሱስ ክቐርብ አይከውንን እዩ፥ በዚ እዩ ካልእ መገዲ ክመርጽ ዝደለየ፥ ካብቲ ህዝቢ ዝሓስቦ ጨሪሹ ፍሉይ መገዲ ሒዙ።

አቐዲምካ ፍርዲ ምሃብ ኣብ ክልተ ነገር እዩ መሰረቱ፥ ድንቍርናን ፍርሕን። ኩልና ኣብ ልዕሊ ካልኦት ኣቐዲምና እንህቦ ፍርዲ ኣሎና። እዚ ከምዚ ዝበለ ኣቐዲምካ ሓንቲ ኣፍልጦ ዘይብልካ ከሎኻ እትህቦ ሓሳብ ወይ ፍርዲ ኣብ ድንቍርና እዩ መሰረቱ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓባራዊ ኩነታት ሰባት ክገልጽ እንከሎ ሓደ እዋን ሓለቓ ገዳም ዝነበረ ካህን ዝሃቦ ምኽሪ ምስማዕ ጽቡቕ እዩ። ናይ ብስለት ወይ ልቦና መለክዒ ወይ መምዘኒ ክሳብ ኩሉ መርትዖታት ዝመጽእ ካብ ፍርዲ ምሃብ ደው ምባል እዩ ይብል። እቲ ኻልእ ምንጪ ፍርሒ እዩ። ፍርሒ ካብ ድንቁርና ኣዝዩ ዝዓመቐ እዩ፥ ኣብ ሱር ኣቐዲምካ ፍርዲ ኣብ ምሃብ እዩ ዝርከብ። ኢያኢሮስ ንኹሉ ኣቐዲሙ ንዝውሃብ ዝነበረ ፍርዲ ወይ ብዛዕባ ኢየሱስ ሰባት ዘጸልምዎ ዝነበሩ ካብ ርእሱ ኣውጺኡ ምስ ከኣለ ናይ ኢየሱስ ስልጣንን ኃይልን ክርኢ ክኢሉ። ኣቐዲሙ ብዘይኣፍልጦ ዝግበር ፍርዲ ወይ ጽልዋ ንኣእምሮ ሰብ ይዓጽዎ እሞ ካብ ብዙሕ በረኸትን ጸጋን የትርፎ፥ ሎሚ በዚ ብሩኽ ሰንበት ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ደው ክንብል እንከሎና ኣብ ልዕሊ ከማና ዝበሉ ሰባት ዘሎና ጽልዋ ወይ ግምታት ኣወጊና ኣብ ኢየሱስ ዘቕርበና ነገር ጥራሕ ርኢና ንኽእል እሞ ነቲ ኢየሱስ ዝመድበልና መደብ ልብና ክፉት ንግበር።

፪ይ ኢያኢሮስ መንነቱ ኰሉ ሓዲግዎ። መራሕ ቤተ ጸሎት ኣብ ቅድሚ እግሪ ሓደ እናዞረ ዝምህር መምህር ለጥ ኢሉ ምስጋዱ ንዝርኢ ብሓቂ ከቢድ እዩ። ብምሉእ እምነት ዝጉዓዝ ዝገብሮ እዩ ገሩ። እቲ ኩሉ ዝነበሮ ሓላፍነት ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ኢሚንት እዩ። ኣብ ሕይወትና እንተ ረኣና ኣብ ዝተፈላለየ ስራሓት ብሓላፍነት ወይ ብዘሎና ደረጃ ትምህርቲ ልዑል ቦታ ዝሓዝና ክንህሉ ንኽእል ንኸውን ኣብዚ ሰብ እሞ ንጠምት። እዚ ኹሉ ዘሎና ሓላፍነትን ክብርን ኢሚንት እዩ። ኣብ ገለ እዋን ክበኑ ክሓድጉና ይክኣል እዩ። ዝገደደ እዞም ሓላፍነታት ወይ መዓርጋት ካብ ኣምላኽን መደባቱን ከውጽኡና ይኽእሉ እዮም። ኢያኢሮስ ናይ ኢየሱስ ተመክሮ ንኹሎም ዘለዉና መዓርጋት ወይ ክብረታት ወላ ሓንቲ ከምዘይ ኮኑ ክንርኢ ይሕግዘና።

አብ ሓደ ዝንገር ታሪኽ ዲዮግነስ ዝተባህለ ብሸፋቱ ተማሪኹ ከም ባርያ ተሸጡ። ኣብ ዕዳጋ ወሪዱ ኣብ ቅድሚ ዝገዝኡ ደው ኢሉ እንከሎ ሓደ ሰብኣይ ርእየ እሞ ኣብዚ ሰብኣይ ሸጡኒ ጎይታ ዝኾኖ ይደሊ ኣሎ ኢልዎም። እቲ ሰብኣይ ገዚእዎ፥ ናይ ገዝኡ ምሕደራ ብምልኡ ከምኡ ንደቁ ከምህረሉ ሂብዎ። በቲ ኩሉ ነገራት ዝገብሮ ተሓጒሱ ጎይትኡ ዲዮግነስ ኣብ ገዛይ ዝኣተወላ መዓልቲ ክንደይ ብርኽቲ ዕለት እያ እናበለ ይዛረብ ነሩ። እንተ ኾነ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ምቕባል ናይ መንነት ስረዛ ክስዕቦ ይግባእ ማለት እዚ ባርያ ካብቲ ዘልኦ ኩነት ከውጽእ ይግባእ እምበር ብስም ዝገበሮ ጽቡቕ ብምጥቃስ መንነቱ ኣይተቐየረን ጌና ኣብ ባርነት እዩ ዘሎ። ብዙሕ ጊዜ ዝገጥም እዩ ሰብ ብግዳማዊ መልክዕ እንታይነቱ ዝሓለወ ክኸውን ይክኣል ግን ካብ ጸጋ ዝርሓቐ ክኸውን ከኣ ይክኣል እዩ። ሰብ ሰብ ዘብሎ ውሽጡን ደጊኡን ሓደ ዓይነት ክብርን መንነትን ክህልዎ እንከሎ ጥራሕ እዩ።

፫ይ ትዕቢት ካብ ርእሱ ኣልዩ። ትዕቢት ቅድሚ ኹሉ እዩ ዘውድቕ። ዶግላስ ማክኣሱር ዝተባህለ ኣብ ጊዜ ውግእ ኮረያ ዝመርሕ ዝነበረ ጀነራል እዩ። ኣብ ሓደ ግጥም ብዙሓት ብጾቱን መማኽርቱን እናመኸርዎ ምስማዕ ስለ ዝኣበየ ካብ 1000 ንላዕሊ ዝኾኑ ወተሓደራት ብኾንቱ ኣጥፊኡ። ስኣን ምኽሪ ምስማዕ ብትዕቢት ተመሪሑ ወተሃደራቱ ኣጥፊኡ ይብሃል።

ኣብ ዘሎናዮ እዋን ስኣን ምኽሪ ኢየሱስን ቤተክርስትያንን፥ ለባማት ሰባት ዝብልዎ ስኣን ምስማዕ ክንደይ ሃገራት ኣብ ግጭትን ሞትን ውግእን ይርከባ ኣለዋ። ኣብ ርክብ ሰባት ስድራታት ስኣን ትሕትና ገርካ ምስማዕ ክንደይ ተፈላልዮም ይርከቡ። ሎሚ ልዕሊ ኹሉ ዝሳቐን ዝብተንን ዘሎ ቃል ኪዳን እዩ ስኣና ልቢ ንልቢ ተወሃሂብካ ምዝርራብ ትዕቢት ኣቐዲምና ንፍቕሪ ሓዲግና ኣብ ምብትታንን ፋሕ ምባልን ምውዳቕ እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ። ወረ ዝገደደ ኣብ ገሊኡ ኣብ

ምቅታል ዝበጽሖ ንርኢ ኣሎና። ናይ እዚ ኹሉ ምንጪ ትዕቢት ክፍኣት ጥልመት እዩ። ትሕትና ንትዕቢት ቀታሊታ እያ፥ ንርእስኻ ከም እትምልኽ ትገብረካ እሞ ንሓቂ ክትመርጽ ትሕግዝ ስለዚ ትሕትና ለቢስና ንትዕቢት ካባና ኣውጺእና ንሓቂ ኢየሱስ ክንሰምዕ ጽን ንበል።

ኣብ ጥንታዊ ግሪኽ ንትምክሕቲ ፍሉይ ቃል ነርዎም hubris። ኣስክይሉስ ዝተባህለ ዓቢ ጸሓፋይ ተዋስኦ ከም ዝብሎ ኣምላኽቲ ከመይ ኢሎም ነቶም ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ንርእሶም ዝገብሩ ከምዝቐጽዕዎም ይነግር። እቶም ውሩያት ነጋውስ ስሞም እናዕበየ ዝኸይድን ብልሓቶም እናበዝሐ ዝኸይድ ካብ መብረቕ ኣማልኽቲ ክጥንቀቑ ኣለዎም ይብል።

ኣብ ኩሉ እምነታት ናይ ትዕቢት ሓደጋነት ይግለጽ። ፈርዖን ራምሰስ ብጣዕሚ ትዕብተኛ እዩ ነሩ እንተኾነ ብሙሴ ኣቢሉ ኣምላኽ ንእኡን ንግስነቱን ኣጥፊእዎም። ኣዳምን ሔዋንን ብተመን ተፈቲኖም ካብታ ኦም ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ በልዑ ከም ኣምላኽ ጽቡቕን ክፉእን ክፈልጡ ሓሲቦም እንተ ኾነ እዚ ኹሉ ኣብ ዓለም ዘሎ መከራ ኣምጺኦም። ብትዕቢቶም ሞት ኣምጺኦምልና።

ሰይጣን ቅድሚ ምውዳቑ ካብቶም ዝጸበቑ መላእኽቲ እዩ ነሩ እንተ ኾነ ንርእሱ ከልዕል ስለ ዝደለ ኣብ ክንዲ ኣብ መንግስተ ሰማይ ዘገልግል ኣብ ገሃነም እሳት ተኾኒኑ። ካብ ኩሎም ዝበለጸ ፍጡር ዝነበረ ካብኩሎም ዝተጸልአ ዝተፈርሐን ዝኸፍአ ፍጥረት ኮይኑ ዲያብሎስ ተባሂሉ።

ኢያኢሮስ ንኹሉ ሓዲጉ ኢየሱስ ክሕግዞ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሉ ለሚኑ። እታ ደም ዝፈሳ ዝነበረ ሰበይቲ እውን እዚ እዩ ነሩ ሓሳባን ግብራን። ኢየሱስ ሎሚ እውን ኣብ ነፍሲ ወከፍና ከምዚ ዝበለ ኣተሓሳስባ ክህልወና እዩ ዝደሊ። ምሉእ እምነት ገርና ኣብ ቅድሚኡ ደው ክንብል እሞ ሓሳብና ድላይና ገሊጽና ምሕረትን ሰላምን ክንረክብ።

ግዙፋዊ ሕማም ጥራሕ ኣሳቕዩና ዘይኮነ እቲ መንፈሳዊ ሕማምና ማለት ኃጢኣትና ሒዝና ኣብ ቅድሚ መንበር ኢየሱስ ተምበርኪኽና ክንጽሊ ኃጢኣትና ክንእመን እሞ ክንሳሕ ተቢዕ ውሳኔ ክንገብር ኣሎና። እዛ ደም ዝፈሳ ዝነበረት ሰበይቲ ዘፈር ክዳኑ እንተ ተንከፍኩ ክሓዊ እየ ኢላ ስለ ዝኣመነት እሞ ኣብኡ ስለ ዝኸደት ሓውያ። ኣብዚ እንርእዮ ሃረርታ ጽቡቕ ድላይ ትምኒት እኹል ኣይ ኮነንን ኣብ ግብሪ ክንገብሮ ኣሎና። ሎሚ ኢየሱስ ብቤተ ክርስትያኑ ገሩ ይረኽበና ምሉእ እምነት ገርና ኣብኡ እንተ ቐረብና ኣባና ተኣምራት ይፍጸም።

ኢየሱስ ነታ ብምሉእ እምነት ዝቐረበቶ ሰበይቲ ጓለይ ኣይትፍርሒ እምነትኪ እያ ዘድኃነትኪ ብሰላም ኪዲ ኢልዋ። እምነትን ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ደው ምባልን ክልተ ዘይፈላለ ነገር እዩ። እምነት ሕውየት ሕድገት ሰላም የውርደልና። ሎሚ ክንደይ ካባና ኢና ክንሓዊ እንደሊ? ክንደይ ኢና ኣብ ኢየሱስ ክንቀርብ እንደሊ? ክንበራበር ኣሎና ፍርሒ፥ ጉድለት እምነት ጸልዩና ኣብ ኃጢኣት ኣብ ቂምታ ኣብ ጽልእን ፍርሕን ኣይንንበር። ንትዕቢትና ንክፍኣትና ተኣሚና ብእከየ ወበ ዓቢ እከየ ኢልና ኣብ መንበረ ንስሓ ቀሪብና ንኢየሱስ ንለምኖ።

ሽው ወደይ ጓለይ እምነትካ/ኪ ኣሕውዩካ/ኪ ብሰላም ኪድ ክብለና እዩ ነዚ የብቅዓና።

ብሩኽ ክረምቲ ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ